# ስራሕ ኣልቢነት

**ሰራሕተኛታት ንስራሕ ኣልቦነት ዝኸውን ውሕስነት ይእትዉ። ስራሕ-ኣልቦ ዝኸውን ከኣ: ብሕጊ መሰረት ንዝተወሰነ ግዜ ገንዘብ ሓገዝ ይወስድ: ስራሕ ኣልቦ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ናይ ዞባ ስራሕ ኣከፋፋሊ ትካል (RAV) ክምዝገቡ ይግባእ: እዚ ከኣ ስራሕ ኣብ ምድላይ ይሕግዝ።**

## ድሕነት ስራሕ-ኣልቦነት

ድሕነት ስራሕ-ኣልቦነት (ALV)ሓደ ናይ መንግስቲ ትካል ኮይኑ: ንኩሎም ሰራሕተኛታት ናይ ግድን ኢዩ። እቲ ወርሓዊ ክፍሊት ከኣካብ ወርሕዊ ደሞዝ ብቀጥታ ይኽፈል። ወሃብ ስራሕ ከእ ፍርቂ ይኸፍል።ነብሶም ክኢሎም ዝነብሩ ኣብዚ ድሕነት ኣይኣትዉን። ስራሕ ኣልቦ ዝኸውን ሰብ ካብዚ ድሕነት መተካእታ ደሞዝ (ናይ ስራሕ ኣልቦ ገንዘብ, Arbeitslosengeld) ካብዚ ትካል ይወስድ።መዓስን ክንደይን ገንዘብ ከትወስድ ኣብ ዝተፈላለዩ መምዘኒታት ይምርኮስ። ካብዚ ንእብነት: ክንደይ ዝእእክል ከምዝሰራሕካ: ወይ ብምንታይ ምኽንያት ስራሕ-ኣልቦ ከምዝኾንካ።

## ኣካይዳ መስርሕ ስራሕ-ኣልቦነት

ስራሕ-ኣልቦ ዝኸውን: ብዝቐልጠፈ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ክምዝገብ ኣለዎ። እዚ ቅድሚ እታ ናይ መጨረሽታ መዓልቲ ናይ ስራሕ እንተደንጎየ ከኣ ኣብ ቀዳመይቲ ናይ ስራሕ ኣልቦነት መዓልቲ ክግበር ኣለዎ። ልክዕ ኣብዚ ግዜዚ ከኣ ሰብ ኣብ ኣብ ናይ ዞባዊ ናይ ስራሕ መከፋፈሊ ማእከል (RAV) ክምዝገብ ኣለዎ። ኣብዚ ኩሉ ቀጻሊ ደረጃታት ይንጽር።

## ዞባዊ ማእከል ምክፍፋል ስራሕ

ዞባዊ ማእከል ምክፍፋል ስራሕ (RAV) ቀልጢፍካ ስራሕ ክትረክብ ይሕግዝ። ናይ ምኽራዊ ምዝርራብ RAV ሰብ ናይ ስራሕ ኣልቦነት ገንዘብ ክወስድ እንተደልዩ: ናይ ግድን እዩም። ብተወሳኺ RAV ናይ ስራሕ ፕርግራምን: ስልጠናን ይህብ። እዚ ውን ብከፊል ናይ ግድን እዩ።ኣብዚ RAV ሰባት ኣብ ስዊስ ገና ስራሕ ዘይጀመሩ እንተኮይኖምውን: ኣብ ምድላይ ስራሕ: ሓገዝ ይወሃቦም: ገንዘባዊ ሓገዝ ግን ኣይወሃቦምን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-aargau.ch/ti/work/unemployment